# ዕዉት ጐስጓስ መደብ ምሕብሓብ ስድራ-ቤት

# ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ሽካጎ

## 06/21/2015

መደብ ምሕብሓብ ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ሽካጎ ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ፡ ነቲ ስራሕ ብጽፈትን ብዓብዩ ኣቓልቦን ንምክያድ ካብ ዝብል ዕላማ ፡ ካብ 10 ብዝበዝሑ ኣባላት ሽማግለ እዩ ክወሃሀዶ ጻኒሑን ሕጂ'ውን ዘሎን ። ህዝቢ ሽካጎ ንመደብ ምሕብሓብ ስድራ-ቤት ጀጋኑ ኤርትራ ፡ ሓደ ካብቲ ዓብዩ ኣገዳሲ ሃገራዊ ዕማም ገይሩ ከምዝጥምቶ ብዝገበሮ ኣበርክቶ ክገልጾ ኪኢሉ ኣሎ ። ጭቡጥ መለክዕታት ኣበርክቶን ሓያል ኣቓልቦን ከኣ ፡ በዚ ዝስዕብ ክንገልጾ ንኽእል፡-

1. መዓልቲ ሰማእታት ንምኽባር ኣብቲ ብ 06/20/2015 ኣብ ዝተገብረ በዓል ፡ህዝቢ ሽካጎ

   ን 30 ስድራ-ቤት ሰማእታት ነንክልተ ዓመታት ክሕግዝ መብጻዓ ኣትዩ ።

2. ካብ 2011 - 2014 ኣብ ዝነበረ ጊዜ ፡ ን146 ስድራ-ቤት ሰማእታት  ነንክልተ

   ዓመታት ሓጊዙ ።

3. ቅድሚ 2011 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ፡ ን124 ስድራ-ቤት ሰማእታት ነንክልተ ዓመታት

   ሓጊዙ ።

ስለዚ ህዝቢ ሽካጎ ብጠቕላላ ክሳብ ሎሚ ን300 ስድራ-ቤት ሰማእታት ፡ ብገንዘብ ክንሪኦ ኮለና ከኣ $216,000.00 ክሕግዝ ኪኢሉ ኣሎ ። እዚ ከኣ ከም ሓደ ንኡስ ክፋል መለክዒ ንሕድሪ ሰማእታት ዘሎና ኣኽብሮት ገይርና ክንገልጾን ፡ ኤርትራዊ ሓርበኝነት ተኸቢሩ ንኽነብር ዘሎና ድልየትን ዘርኢ እዩ ክንብል ንኽእል ። ምኽንያቱ ሰማእታትናን ዝተሰውእሉ ዕላማን ብዝግባእ ምስዝኽበሩ ጥራይ እዮም ሃገር ተኸቢራ ትነብርን ፡ ሃገራዊ ሓርበኝነትን ተወፋይነትን ከኣ ብዝበለጸ ዝምዕብልን ዝሕይልን ። ኣብ ሽካጎ ፡ ሓንቲ ስድራ በይና ን30 ስድራ-ቤት ሰማእታት ($21,600.00) ክትሕግዝ ምኽኣላ ፡ ሽካጎ ከም ጽቡቕ ኣብነት ንሕበነሉ ክኸውን ኮሎ ፡ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ስድራታት ክሳብ ን 10 ስድራ-ቤት ሰማእታት ($7,200.00) ክሕግዙ ምኽኣሎም ከኣ ተውሳኺ ኣብነት እዩ ።

ዓወት ንሓፋሽ

ሽማግለ ምሕብሓብ ስድራ-ቤት ጀጋኑ ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ሽካጎ